homes victoria

50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

**OFFICIAL**

ተቐማጣይ
25 King Street
PRAHRAN

ዝኸበርኩም ነበርቲ

ብዛዕባ እቲ ኣብ ጎደና 25 ኪንግ፡ ፕራህራን ዝርከብ ህንጻኹም ኣገዳሲ ዜና ንምክፋል እየ ዝጽሕፍ ዘለኹ።

ኣብ 2023 መንግስቲ ቪክቶርያ ነቲ ዳግመ ህንጸት 44 ናይ ቀደም ማሕበራዊ ኣባይቲ ሰማይ ጠቀስ ህንጻታት ንዘለዉን ናይ መጻእን ተቐማጦ ዝበለጸ፡ ዉሑስ ከምኡ ድማ ምቹእ ኣባይቲ ንምቕራብ ኣዊጁ ኣሎ።

ኣብ 25 ጎደና ኪንግ ዝርከብ ህንጻኹም ክፋል እቲ ዝቕጽል ደረጃ ዳግመ ህንጸት እዩ። እዚ ማለት ነቶም ኣብ ህንጻኹም ዘለዉ ተቐማጦ ናብ ዘድልዮም ነገራት ዘማልእ ሓደስቲ ኣባይቲ ንኽግዕዙ ክንሕግዞም ኢና።

ብሓባር ኾይንና ናይ ምግዓዝኩም መደብ ንምውጻእ እኹል ግዜ ኣሎና። ካብ ወርሒ ሰነ፡ እቲ ዝተወፈየ ናይ ምግዓዝ ደገፍ ሰራሕተኛኻ ምሳኻ ብዛዕባ ናብ ሓድሽ ገዛ ምግዓዝ ክዛረብ ክጅምር እዩ።**ኣብ መንጎ ሓምለ 2026 ከምኡዉን ለካቲት 2028፡** ድሌታትኩም ዘማልእ ገዛ ንምርካብ ምሳኻትኩም ብቐረባ ክንሰርሕ ኢና።

ኣብ ቀረባ ክትጸንሑ እንተ ደሊኹም ኣብ Simmons Street, South Yarra/ጎደና ሲሞንስ፡ ደቡብ ያራ ዝተሃንጸ ሓደስቲ መንበሪ ገዛ ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም። እዞም መንበሪ ገዛውቲ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመት ክዳለዉ እዮም፡ ክራይ ገዛኹም ድማ ከምዚ ሕጂ ዘሎ ክውሰን እዩ።

ዝሓሸ ሓለዋ፡ ሓደስቲ መሳርሒታት፡ ብቐሊሉ ዝርከብ ክፍሊ መሕጸቢ ሰብነት፡ መመጠኒ ኣየርን መውዓዪን፡ ከምኡውን ሰግነታት (መቀልቀሊ ኣብ ደርብታት) ናይ ብሕቲ መሕጸቢ ክዳውንትን ክህልዎም እዩ።

*ኣብ South Yarra/ደቡብ ያራ ብዛዕባ ሓደስቲ ኣባይቲ ዝገልጽ ናይ ስነ-ጥበባዊ ጦብላሕታ*



ምናልባሽ ገለ ተቐማጦ ናብ ስድራ ቤት፡ ፈተውቲ ወይ ኣገደስቲ ኣገልግሎታት ቀረባ ዝኾነ ካልእ መንበሪ ገዛ ክረኽቡ ይደልዩ ይኾኑ። ኣብ መላእ ሜልቦርን ቪክቶርያን ምናልባሽ ድሌታትኩም ከማልኡ ዝኽእሉ ማሕበራዊ መንበሪ ገዛ ኣለዉ።

## ቀጺሉ እንታይ ከጋጥም እዩ

ሕጂ ዋላ ሓንቲ ክትገብሩ ኣየድልየኩምን እዩ። ኣብ ለካቲት ምስ ሓንቲ ሓጻር መሕተቲ ቅጥዒ ናባኹም ክንጽሕፍ ኢና። ኣብ ወርሒ ሓምለ ወግዓዊ ናይ ምግዓዝ መስርሕ ቅድሚ ምጅማሩ ንዓኹም እንታይ ከም ዘገድሰኩምን እንታይ ሓበሬታን ደገፍን ከም እትደልዩን ክንርዳእ ንደሊ ኢና። እንታይ ዓይነት መንበሪ ገዛን ምትእስሳር ምስ ናይ ጥዕናን ኮማዊ ኣገልግሎትን ከም ዘድሊ ከምኡውን እንድሕር ገለ ተቖማጥ ምስ ጐረባብቶም ናብቲ ኣብ ጥቓኦም ዝርከብ ኣፓርታማታት ክግዕዙ ዝደልዩ ኮይኖም ምእንቲ ክንፈልጥ ኣቐዲምና ምሳኻትኩም ክንማኸር ንደሊ ኢና።

## ገለ ጽቡቕ ነገራት ንምዝካር

**መሰልኩምን ናይ ክራይ ኩነታትኩምን ከምዘለዎ እዩ ዝጸንሕ።** ኣብ ሓድሽ ገዛኹም ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ ሕጊ ክራይ ገዛ ስምምዕነት ኩሎም ተመሳሰልቲ መሰላትን ሓለዋን ክህልዉኹም እዩም። ክራይ ገዛኹም ከምቲ ሕጂ ዘለዎ እዩ ክዳሎ፣ ምናልባሽ'ዉን ንናይ ኮመንዌልዝ ሓገዝ ክራይ ብቑዓት ክትኮኑ ትኽእሉ ምኺንኩም ፍለጡ።

**ውልቃዊ ደገፍ።** ኣብ መስርሕ ምግዓዝ ዝሕግዘኩም እተወፈየ ናይ ምግዓዝ ደገፍ ሰራሕተኛ ኽህልወኩም እዩ። ኣባል ስድራ ቤትኩም ፈታዊኹም ወይ ኣማኻሪኹም ኣብ ዝኾነ ምሳና ዘለኩም ኣኼባ ክሳተፉ እንተ ደሊኹም ክትነግሩና ትኽእሉ ኢኹም። ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ኣስተርጐምቲ ከነዳሉ ንኽእል ኢና።

**ምስ ምቕያርኩም ሓገዝ።** ኣቑሑት ዘጓዓዕዙ ከነዳሉ ኢና ከም ተሌፎን ኢንተርነት ከምኡውን ጾስጣ ዝኣመሰለ ኣገልግሎታት ከነዳሉ ከምኡውን ንኹሉ ርትዓዊ ናይ ምቕያር ወጻኢታት ክንሽፍን ኢና።

## ምጹ እሞ ምሳና ተዛረቡ

ኣብዚ ሰሙን ከምኡ ድማ ኣብ ዝመጽእ ኣዋርሕ ንዝኾነ ክህልወኩም ዝኽእል ሕቶታት ንምምላስ ናብ ኣዳራሽ ማሕበረኮምኩም ክንበጽሕ ኢና። ንመዓልትታትን ሰዓታትን ነቲ ምልክታ ኣብቲ ናይ ማሕበረሰብኮም ኣዳራሽ ረኣዩ። ሻህን ቡንን ክዳሎ እዩ።

ዋላ ክትሳተፉ እንተ ዘይኪኢልኩም፣ ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም፥

- ናብ homes.vic.gov.au ብጽሑ
- ነቲ ዝተወፈየ ናይ ደገፍ መስመር ብ 1800 716 866 ደውሉ
- ምስ ናይ ከባቢኹም መንበሪ ገዛ ቤት ጽሕፈት ተዘራረቡ።

ብልቢ ናትኩም

**Simon Newport**
ዋና ፈጻሚ በዓል መዚ
ሆም ቪክቶርያ

28/01/2026